# ኣካያዲ ሽማግለ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ናይ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶን ብ23 ግንቦት 2008 ዓ.ም. ኣኼባ ኣካይዱ።

ኣካያዲ ሽማግለ ናይ ሰ.ዲ.ኤ ን ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባይቶን ምስ ኣባላት መሪሕነታትን መራሕቲ ዞባታትን ብምርኻብ፡ ነቲ ብላዕለዎት መሪሕነታት ናይ ክልቲኡ ውድባት ዝተበጽሐ ናይ ስምምዕ ሰነድ ኣብ ተግባር ዝትርጉመሉ ዕማማትን መደባትን ንምቕያስ ኣኼባ ኣካይዱ።

ኣኼበኛ ብሙሉኡ፣ ኣገዳስነትን ቅኑዕነትን ናይዚ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ ድሕሪ ምግላጽ፤ ሕድሕድ ሓበሬታታት ብምልውዋጥ፤ ብዛዕባ ናይ መጻኢ ጉዕዞ ብዕቱብ ተመያይጡ ዕማማትን መደባትን ሓንጺጹ።

ኣብ ልዕሊ ጉዳይ ሓድነታዊ ጉዕዞ ናይ ክልቲኡ ውድባት፤ ብዛዕባ ዝተገብረ ሓድነታዊ ጉባኤ ኪዳን እውን ተመያይጡ፡ ኣብ ምድልዳል ኪዳን ኣወንታዊ ተራ ክጻወት ከምዝኾነ'ውን ኣሚቱ።

ኣካያዲ ሽማግለ ሰሜን ኣመሪካ ሰ.ዲ.ኤን ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ.